# ከመይ ኣሎኹም ኣቱም ሰብ ቀደመ።

ሰነ 14 2007 ብሥብሐት ጎብቶም!

ብስምኹም ክጽወዓኹም ኼይኑ ወርሒ ሰነ
ኽትንትኖ ሞያታትኹም እንሆ ወሲነ
ግንቦት ኣሕሊፈያ ነይረ ትሓኒነ
እዝክረኹም ኣሎኹ ልበይ ትሐቒነ።

ከመይ ረኺብኹም እቲ ሓዲሽ ዓዲ
ተራኺብኹምዶ ምስ ቀዳሞት ወለዲ
ምስ ኣቦሐኻኹም ባህታ ብዓል ሰገነይቲ
ምስ ኣቦና ኢድሪስ ዓወተ መራሒ መንገዲ።

ርግጽ ኢዩ እወ ኢዩ መልሰኹም
ሐቢርኹምዶኸ ልዓት ከም ዘጽናዕኹም
ናጽነት ልኢኹም ናብኦም ብምስዓብኹም
ከመይ ነበርከ ካዕካዕታ ሰሐቁም።

ኣብየት እወ ሐጕስ ጉድዩ ካዕካዕታ
ኣገናዕ ኢያ መልሶም ቀዳሞት ሰብ ዛንታ
ተመስገን ንህዝብና ዝሀብኹምዎ እፎይታ
ንኣና እውን ኣብዚ ዝሃብኩምና ሩፍታ።

ጽን በሉ ሰብ ቀዳም ወረ ክንነግረኹም
ኵነታት ናይ ህልዋት ብድሕረኹም
ኣብ ክንዲ እትጥጥዕ ናጽነት ህያብኹም
ዝርንዝሕ ይነብዕ ኣሎ ዳሕዘዋይ ዜጋኹም።

**ወዮም እተመረቑ ዓወት ዘበሰሩ**
**ገሊኦም ይእሰሩ ገሊኦም ይባረሩ**
**ሕማኞ ጉድ መሊሱ ሳዕሪሩ**
ብመስዋእትኹም ዝመጸ ናጽነት ብሓደ ትሃጊሩ።

ወዮ የዋህ ህዝብኹም ፈታው ሰላም
ብዉሑዳት ጉጅለ ኣትዩ ኣብ ጸላም
ዓዕ ይብል ኣሎ ከም ሐራስ ላም
ብመርገም ሰንቆም ብዓል ጠላም።

ኵሉ ብጉጅለ ህግደፍ ተዘሪዑ
ወለዲ ኵላትና ብዓጸባ ሕማም ይጥልቖዑ
ኣለይቲ ዘይብሎም ኣብ ዕጹው ገዛ ይነብዑ
ወላድ መኻን ኼይኑ ውሉድ ተመንዚዑ።

ኣንቱም ሰብ ቀደም እዚ ይኣኽለኹም ዓዓፍርኡ
ኹሉ እንተ ዘርዚረዮስ ዳግማይ ከይትነብዑ
ደም ዘይብሎም መጺኦሙና ሕሉፍ ዝሰርዑ
**ብርሳስ እናጽሓፉ ኻኹሉ ታሪኽና ዘዘንብዑ።**

ብዙሓት ጀነራላት ተሸይሞም ንዜጋኦም ደም ዘጉስዑ
ብሓደ ሰብ ዝኹብኮቡ ዘይለበሙ ቆልዑ
መንፈሶም ስሒቶም ብሀገርን ህዝብን ዝጣልዑ።

ሐርበኛታት ስማእታትና ብዛዕባና
ተኣኺብኹም ኣዉግዑ ሕጂስ ይኣኽለኹም ሰብ ቀደም መልእኽተይ ኣብቒዑ ።